# ህግደፍ ኣብ ዓባይ-ብሪጣንያ ነንሓድሕዳ ተባሊዓ።

ኣብዚ ዝሓለፈ ቅንያት ኣብ ዕለት 06 ሓምለ 2008 ዓ-ም ህግደፍ ኣብ ዓባይ-ብሪጣንያ ከምቲ ኣመላ ብሕቡእ ኣኼባ ኣባላታ ጸዊዓ ንህልው ኩነታት ዝምልከት ምድንጋር ዝመልአ መግለጺታት ብኣምባሳደር ተስፋሚካኤል ገራህቱን ብሓላፊት ህግደፍ ኣብ-ዓባይ ብሪጣንያ ወይዘሮ ሓረጉ ተስፋማርያም (ጓል ቀሺ)ን ከም ዝቐረበ ካብቲ ቦታ ዝተረኽበ ሓበሬታ ኣረጋጊጹ'ሎ። ናይዚ ዝተጠቕሰ ዕለት ዛዕባ ከምቲ ልሙድ "መንግስትና ብዘካየዶ ጻዕሪ ጽርጊያ ሰሪሕና፣ ዲጋ ኵዒትና" ድሕሪ ምባሉ ኣምባስደር ተስፋሚካኤል ገራህቱ ቀጺሉ በታ ኣብ ኣስመራ ዝተቓነየት ልሳን ከይተዘርገት ብምምጻኣ ክኣ ዓለም ብዓለሙ ብመራኸቢ ብዙሃን ብእዝኑ ዝሰምዖን ብዓይኑ ዝርኣዮን ኲናት ኤርትራን ጅቡቲን ብምኽሓድ ብኣገላልጻኡ " ኣብ መንጎናን መንጎ ጅቡቲን ኲናት ዘይነበረ ክንሱ መንግስቲ ኣሜሪካን መሻርኽታን ግን ኲናት ከምዝነበረን ንሕና ከም ዝወረርናን ጌረን ብምግላጽ ኣብ ዓለም ዘይምስልና ክህባና ይርኣያ ኣለዎ ክብል ኣእዛን ኣኼበኛታት ክደፍን ከም ዝወዓለ እቲ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ ደጊሙ የረጋግጽ።

ኣብዚ ኣኼባ'ዚ ሓደ ሓድሽን ካብ ኣርእስቲ እቲ ውዕሎ ወጻእን ዝኾነ ክስተት ግን ብሓደ የማነ ክፍለየሱስ ዝተባህለ ወዲ ውሻጠ ኢየ ብሃሊ ዝተላዕለ ጉዳይ ኢዩ። ንሱ ይብል "ኣብዚ ውድብ" ህግድፍ ማለቱ ኢዩ። " ንሳላሳ ዓመታት ብተወፋይነት ከገልግሉ ዝጸንሑ ዓበይቲን ተሰማዕትን ሰባት ኣብ መንጎኦም ብዘጋጠመ ግርጭት ህግደፍ ክዓ ርቆም ብተደጋጋሚ ሓቢርና ከነብቅዕ ይኹን'ምበር ህግደፍ ግን ክዓርቕ ኣይተርእየን ኣይተበገሰን'ውን። ስለዚ ብትዕዝብተይ ህግደፍ ንኸምዚ ዓይነት ሽግራት ክፈትሕ ብቕዓት ካብ ዘይሃለዎ ካብ ሎሚ ንድሓር ብወገነይ ኣባልነተይ እስሕብ ኣለኹ ክብል ነቲ ኣኼባ ጫቑጫቕ ኣእትዩሉ። ብድሕሪ'ዚ ሓላፊት ህግደፍ ኣብ ዓባይ-ብሪጣንያ ወይዘሮ ሓረጉ ተሰፋማርያም (ጓል ቀሺ) ነቲ ጉዳይ ከተረጋግእ ክትብል ያእይ ግዲ ሓሲባቶ ንሕና ንጉዳይ ሃገር ድኣ'ምበር ንጉዳይ ውልቀ-ሰባት ክንፈትሕ ኣይኮናን ተኣኪብና ክትብል ነቲ ዝቐረበ ክሲ ከም ዘወንዘፈቶ ብመንገዲ ካብ ውሽጢ'ቲ ኣኼባ ዝተረኽበ ምንጭና ተረጋጊጹ ኣሎ።

እዚ ዎ! ድሓንኩም ሰናይ ቅነ።

ግዱስ ዜጋ

ካብ ሕምብርቲ ዓባይ-ብሪጣንያ።

15-07-2008